
# ክንክን ኣፍ – ምሕጻብ ኣስናን

# ክንክን ኣፍ – ናብ ሓኪም ስኒን ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍን ምኻድ

# ክንክን ኣፍ– ወጻኢታት ሓኪም ስኒ ን/ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ







# Mondzorg – Tanden poetsen

# ክንክን ኣፍ – ምሕጻብ ኣስናን

**Gezonde tanden en kiezen zijn heel belangrijk voor je gezondheid. Gezonde tanden en kiezen heb je nodig om eten goed te kauwen en makkelijk door te slikken.**

Maak je tanden, kiezen, tandvlees en tong elke dag schoon. Zo krijg je geen gaatjes en ontstoken tandvlees.




**ጥዑያት ኣስናንን ኮራርምትን ንጥዕናኻ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። መግቢ ብግቡእ ንምሕያኽን ብቐሊሉ ንምውሓጥን ጥዑያት ኣስናንን ኮራርምትን የድልዩኻ።**

ነፍስወከፍ መዓልቲ ኣስናንካ፣ ኮራርምትኻ፣ ግርጻንካን መልሓስካን ኣስናን፣ ኮራርምቲ፥ ግርጻንን መልሓስን ኣጽርዮ። ብኸምኡ ከኣ ብሱዓት ኣስናን/ብኽባኾን ዝነድረ ግርጻንን ኣይህልወካን።

Poets met een tandenborstel of een elektrische tandenborstel. Poets 2 keer per dag 2 minuten je tanden en kiezen. Je verwijdert tandplak en resten van eten. Tandplak is een laagje op je tand met veel bacteriën. Van tandplak krijg je gaatjes (cariës) en tandvleesontsteking.

Gebruik een tandpasta met fluoride. Op de verpakking staat of er fluoride in tandpasta zit. Fluoride maakt het tandglazuur van je tanden en kiezen sterker. Tandglazuur beschermt je tanden en kiezen.

Poets je tanden een half uur tot een uur na het drinken van zure dranken zoals cola, of eten van zure voeding zoals citroen. Je tandglazuur verdwijnt als je direct na zuur eten of drinken je tanden poetst.











ብሓደ ኣስባስላ - ስኒ ወይ ሓደ ኤለክትሮኒካዊ ኣስባስላ - ስኒ ሕጸቦ። ክልተ ግዜ ኣብ መዓልቲ ንክልተ ደቓይቕ ኣስናካን ኮራርምትኻንሕጸቦ። ናይ ስኒ ብዕካኽን ትርፍራፍ ናይ መግብን እለዮ። ብዕካኽ ስኒ ብዙሓት ባክተርያ ዘለውዎ ኣብ ኣስናንካ ዘሎ ሓደ ቀጸላ እዩ። ብሰንኪ ብዕካኽ ስኒ፣ ብሱዓት ኣስናንን（ብኽባኹ）ከምኡ እውን ነድሪ ግርጻንን ይህልወካ።


ሓደ ፍሎራይድ ዘለዎ ሳሙና - ስኒ ተጠቐም። ኣብቲ መዐሽጊ እቲ ሳሙና - ስኒ ፍሎራይድ ኣለዎ እንተኾይኑ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣሎ። ፍሎራይድ ንሽፋን ናይ ኣስናንን ኮራርምትን ተረርቲ ከም ዝኾኑ ይገብር። ሽፋን - ስኒ ንኣስናንካን ኮራርምትኻን ይከላኸል።

ከም በዓል ኮ ኳ ኮላ ዝኣመሰሉ መጸጽቲ መስተታት ድሕሪ ምስታይ
ወይ መጸጽቲ መግብታት ከም በዓል ለሚን ድሕሪ ምብላዕ ኣስናንካ ካብ ፍርቂ ሰዓት ክሳብ ሓደ ሰዓት ድሕሪ ምጽባይ ሕጸቦ።
መጺጽ ነገር ድሕሪ ምብላዕ ወይ ምስታይ ብቐጥታ ኣስናንካ እንተ ሓጺብካዮ እቲ ናትካ ሽፋን - ስኒ ይጠፍእ።




1. Poets van boven naar beneden of in een rondje.

ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ሕጸቦ/በርሽ ወይ ብዓንኬላዊ።




2. Zet de tandenborstel schuin op je tand en tandvlees.

ነቲ ኣስባስላ - ስኒ ብስያፍ/ኣቕኒንካ ኣብ ልዕሊ ስንኻን ግርጻንካን ኣንብሮ።




3. Poets je tanden aan de onderkant: binnenkant, buitenkant, bovenop.

ናይ ታሕተዋይ ሽነኽ ኣስናንካ ሕጸቦ፥ ውሽጣዊ ሽነኽ፣ ደጋዊ ሽነኽ፣ ብላዕልን።




4. Poets je tanden aan de bovenkant: binnenkant buitenkant, bovenop.

ናይ ላዕለዋይ ሽነኽ ኣስናንካ ሕጸቦ፥ ውሽጣዊ ሽነኽ፣ ደጋዊ ሽነኽ፣ ብላዕልን።



5. Poets je tong. Op de tong zitten veel bacteriën. Dit kan een slechte adem geven.

መልሓስካ ሕጽቦ። ኣብ ልዕሊ መልሓስ ብዙሓት ባክተርያታት ይርከቡ። እዚ ዝሸትት ትንፋስ ከስዕብ ይኽእል።




6. Gebruik één keer per dag een tandenstoker (a), rager (b) en/of floss (c) om resten van eten te verwijderen.

ሓደ ግዜ ኣብ መዓልቲ （ሀ） መሰኻሰኺ ስኒ፣ （ለ） ደቒቕ ኣስባስላ መንጎ ስኒ ን/ወይ （ሐ） መጽረዪ ሞንጎ ስኒ ገመድ/ፍሎስ ነቲ ትርፍራፍ ናይ መግቢ ንምእላይ ተጠቐም።



## Tanden poetsen voor kinderen

Het is belangrijk om als ouders je kinderen te leren hoe je je tanden en kiezen goed kan verzorgen.

| Leeftijd | Wie poetst? | Hoe vaak en met welke tandpasta? | Wanneer? |
|---|---|---|---|
| **0 en 1 jaar** | Ouders | Vanaf het doorbreken van het eerste tandje: 1 keer per dag poetsen met de speciale peutertandpasta met fluoride. | 's Avonds vóór het slapen. |
| **2, 3 en 4 jaar** | Ouders | 2 keer per dag poetsen met de speciale peutertandpasta met fluoride. | 's Morgens na het ontbijt.<br>'s Avonds vóór het slapen. |
| **5 jaar tot 10 jaar** | Kinderen onder begeleiding van ouders | 2 keer per dag poetsen met tandpasta met fluoride voor volwassenen. | 's Morgens na het ontbijt.<br>'s Avonds vóór het slapen.<br>1 keer per dag napoetsen door ouders |

## ምሕጻብ ኣስናን ንቆልዑት

ከም ወለዲ፣ ኣስናንካን ኮራርምትኻን ብኸመይ ጽቡቕ ጌርካ ከም እትከናኸኖም ንደቕኹም ክትምህርዎም ኣገዳሲ እዩ።

| ዕድመ | መን ይሓጽቦ? | ክንደይ ግዜ<br>ከምኡ እውን በየናይ ሳሙና - ስኒ? | መዓስ? |
|---|---|---|---|
| 0 ን 1 ዓመት | ወለዲ | ካብቲ ናይ መጀመርያ ኣስናን ክቦቕለሉ ዝጀመረሉ እዋን፣ 1 ግዜ ኣብ መዓልቲ ፍሎራይድ ብዘለዎ ፍሉይ ናይ ሕጻን ሳሙና - ስኒ። | ምሸት ቕድሚ ድቃስ። |
| 2፣ 3 ን 4 ዓመት | ወለዲ | 2 ግዜ ኣብ መዓልቲ ፍሎራይድ ብዘለዎ ፍሉይ ናይ ሕጻን ሳሙና - ስኒ። | ንግሆ ድሕሪ ቁርሲ።<br>ምሸት ቕድሚ ድቃስ። |
| 5 ዓመት ክሳብ 10 ዓመት | ቆልዑት ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ናይ ወለዲ | 2 ግዜ ኣብ መዓልቲ ፍሎራይድ ብዘለዎ ናይ ዓበይቲ/ልዕሊ ዕድመ ሳሙና - ስኒ። | ንግሆ ድሕሪ ቁርሲ።<br>ምሸት ቕድሚ ድቃስ።<br>1 ግዜ ኣብ መዓልቲ ብወለዲ ክሕጸብ ኣለዎ |

## Gezond eten en drinken

Suiker is niet goed voor je tanden en kiezen. Als je suiker eet of drinkt krijg je meer bacteriën in je mond. Bacteriën maken van het suiker een zuur. Zuur maakt je tanden en kiezen kapot. Je tandglazuur verdwijnt en je krijgt gaatjes.

- Drink weinig of geen frisdrank en andere zure dranken, zoals appelsap. Ook light-dranken hebben zuren.
- Drink water of thee zonder suiker.

- Eet of drink maximaal zes of zeven keer per dag. Dat is drie keer een hoofdmaaltijd: ontbijt, lunch, avondeten. En drie of vier keer iets tussendoor: fruit en noten. Je krijgt sneller gaatjes als je vaker eet of drinkt.





## ጥዕና ዘለዎ ምምጋብን ምስታይን


ሽኮር ንኣስናንካን ኮራርምትኻን ጽቡቕ ኣይኮነን። እንተድኣ ሽኮራዊ በሊዕካን ሰቲኻን ኣብ ኣፍካ ዝያዳ ባክተርያታት ይህልዉኻ። ባክተርያታት ካብቲ ሽኮር ሓደ ኣሲድ/ኣቺዶ ይሰርሑ። ኣሲድ ንናትካ ኣስናንን ኮራርምትን የዕንዎ። ናትካ ሽፋን - ስኒ ይጠፍእ ከምኡ ’ ውን ብሱዓት ኣስናን/ብኽባኾ ይህልወካ።

- ልስሉስ መስተ ወይ ካልኦት መጸጽቲ መስተታት ከም በዓል ጽሟቕ ቱፋሕ ውሑድ ስተ ወይ ብፍጹም ኣይትስተ። እንኮላይ ፈኮስቲ መስተታት ምጸት ኣለዎም።
- ማይ ስተ ወይ ሻሂ ብዘይ ሽኮር።

- ኣብ መዓልቲ እንተበዝሐ ሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ ግዜ ስተይ ወይ ብላዕ። እዚ ማለት ሰለስተ ግዜ ቐንዲ መኣዲ፥ ቊርሲ፣ ምሳሕ፣ ድራር። ከምኡ እውን ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ግዜ ገለ ጠዓሞትን፥ ፍሩታን ካዕካዕን። እንተድኣ ንስኻ ብዙሕ ግዜ ትበልዕ ወይ ትሰቲ ኮይንካ ቀልጢፉ ብሱዓት ኣስናን/ብኽባኾ ይህልወካ።

## Wat kan er gebeuren als je je mond niet goed verzorgt?

- Je krijgt gaatjes (cariës). Een gaatje wordt groter en doet pijn. Een gaatje moet worden gevuld.
- Je krijgt tanderosie. Het tandglazuur verdwijnt. Je tanden en kiezen worden niet meer beschermd.
- Je krijgt ontstoken tandvlees. Je tandvlees bloedt bij het tandenpoetsen. Je tandvlees ziet er rood en dik uit en kan pijn doen.
- Je krijgt een slechte adem.




## ኣፍካ ብግቡእ ዘይትከናኸኖ እንተኾይንካ እንታይ ከጋጥም ይኽእል?

- ብሱዓት ኣስናን (ብኽባኾ) ይህልወካ። ሓደ ብሱዕ ስኒ/ብኽባኾ ይዓብይን ቃንዛ ይገብርን። ሓደ ብሱዕ ስኒ/ብኽባኾ ክምላእ ኣለዎ።
- ናይ ስኒ ምቡሕጓግ የጋጥመካ። እቲ ሽፋን - ስኒ ይጠፍእ። ናትካ ኣስናንን ኮራርምትን ካብኡ ንደሓር ክከላኸለሎም ዝኽእል የለን።
- ዝነደረ ግርጻን ይህልወካ። ኣብ እዋን ምሕጻብ ስኒ ግርጻንካ ይደምይ። ግርጻንካ ዝቐይሐን ዝሓበጠን ኮይኑ ይርአን ከምኡ እውን ቃንዛ ክገብር ይኽእልን።
- ዝሸትት ትንፋስ ይህልወካ።

## Meer informatie

www.allesoverhetgebit.nl
www.gezondinnederland.info

## ተወሳኺ ሓበሬታ

www.allesoverhetgebit.nl
www.gezondinnederland.info

# Mondzorg – Bezoek aan de tandarts of mondhygiënist

## ክንክን ኣፍ – ናብ ሓኪም ስኒን ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍን ምኻድ

**In Nederland gaan mensen minstens één keer per jaar voor controle naar de tandarts en/of de mondhygiënist. Ook als ze geen kiespijn hebben.**

De controle is belangrijk om geen problemen met je tanden en kiezen te krijgen. De tandarts of de mondhygiënist controleert je tanden, kiezen en tandvlees en maakt je gebit schoon.

- Ga één keer of twee keer per jaar voor controle naar de tandarts of mondhygiënist.
- Neem kinderen mee naar de tandarts of mondhygiënist als het eerste tandje doorbreekt.



**ኣብ ኔዘርላንድ ሰባት እንተወሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ናብ ሓኪም ስኒ ን/ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍን ንቑጽጽር ይኸዱ። ዋላ' ውን ንሳቶም ናይ ስኒ ቃንዛ ዘይብሎም ክነሶም።**

እቲ ቑጽጽር ኣብ ኣስናንካን ኮራርምትኻን ጸገማት ንኸየጋጥሙኻ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሓኪም ስኒን ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍን ኣስናንካ፥ ኮራርምትኻን ግርጻንካን ይቖጻጸርዎን ኣስናንካ የጽርይዎን።


- ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ናብ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ንቑጽጽር ኪድ።
- ቆልዑት፣ መጀመርያ ስኒ ምስኣብቖሉ ፣ ናብ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ምሳኻ ተማልኣዮም።

## Tandarts

Je gaat naar de tandarts voor een controle en als je problemen hebt met je tanden en kiezen. De tandarts werkt in een mondzorgpraktijk vaak samen met andere tandartsen en mondhygiënisten. Maak eerst een afspraak voor een bezoek aan de mondzorgpraktijk. Je maakt de afspraak met de tandartsassistente. De tandarts controleert je tanden, kiezen en tandvlees en maakt het gebit schoon. De tandarts behandelt gaatjes, ontstekingen en andere problemen met tanden en kiezen. Je krijgt een kroon als je tand of kies kapot is. De tandarts kan jou doorverwijzen naar een orthodontist of een kaakchirurg.

## Mondhygiënist

Een mondhygiënist werkt vaak samen met de tandarts. Voor een controle kan je ook naar de mondhygiënist. De mondhygiënist geeft advies over het gezond houden van je tanden, kiezen en het tandvlees. De mondhygiënist maakt het gebit schoon. Ook mag de mondhygiënist soms kleine gaatjes vullen en verdoving geven.



*Kroon* ርእሲ ስኒ/ክሮን

## ሓኪም ስኒ

ንሓደ ቍጽጽርን ከምኡ እውን እንተድኣ ናይ ኣስናንን ኮራርምትን ጸገማት ሃልዩካ ናብ ሓኪም ስኒ ትኸይድ። እቲ ሓኪም ስኒ መብዛሕኡ እዋን ምስ ካልኦት ሓካይም ስኒን ክኢላታት ስነ-ጽሬት ኣፍን ብሓባር ኣብ ሓደ ማእከል ክንክን ኣፍ ይሰርሕ። ቅድሚ ናብቲ ማእከል ክንክን ኣፍ ምኻድካ መጀመርያ ሓደ ቆጸራ ግበር። እቲ ቆጸራ ምስ ተሓጋጋዚ/ት ሓኪም ስኒ ትገብሮ። እቲ ሓኪም ስኒን ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍን ኣስናንካ፣ ኮራርምትኻን ግርጻንካን ይቖጻጸርዎን ኣስናንካ የጽርይዎን። እቲ ሓኪም ስኒ ነቶም ብሱዓት ኣስናን/ብኽባኹ፣ ነድርታትን ካልኦት ናይ ኣስናንን ኮራርምትን ጸገማት ይሕክሞ። እንተድኣ ናትካ ስኒ ወይ ኩርምቲ ተሰይሩ ርእሲ ስኒ/ክሮን ይግበረልካ። እቲ ሓኪም ስኒ ንዓኻ ናብ ሓደ ሓኪም ምንጋጋን ስኒን/ኦርቶደንቲስት ወይ ሓደ መጥባሕታዊ ሓኪም ምንጋጋ ክሕልፈካ ይኽእል።

## ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ

ሓደ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ መብዛሕትኡ እዋን ምስቲ ሓኪም ስኒ ብሓባር ይሰርሕ። ንቑጽጽር ናብ ሓደ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ እውን  ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ብዛዕባ ጥዑይ ኣተሓሕዛ ናትካ ኣስናን፣ ኮራርምትን ግርጻንን ምኽሪ ይህብ። እቲ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ፥ ኣስናንካ የጽርዮ። እቲ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ሓደ ሓደ ግዜ ንኣሸቱ ብሱዓት ኣስናን/ብኽባኹ ክመልእን መደንዘዚ እውን ክህብ ይኽእል።

## Orthodontist


De orthodontist is de tandarts-specialist voor scheve tanden en kiezen. Veel kinderen gaan naar een orthodontist voor een beugel. Ook volwassenen komen hier. Een beugel zet tanden en kiezen recht.

## Kaakchirurg

De kaakchirurg is de tandarts-specialist voor het gebit, de mond en de kaak.  De kaakchirurg werkt meestal in het ziekenhuis. Kaakchirurgen trekken moeilijke kiezen, en doen operaties aan het gebit, de mond en de kaak.

## Adviezen voor jouw bezoek aan de tandarts of de mondhygiënist

- Begrijp je niet wat de tandarts of mondhygiënist vertelt? Vraag meer uitleg.
- Vraag de tandarts of mondhygiënist wat er gaat gebeuren en waarom.
- Vraag naar de pijn en bijwerkingen van een behandeling.
- Vraag  naar een behandelplan en de kosten.
- Zoek uit wat de (aanvullende) zorgverzekering betaalt voor jouw behandeling en wat je zelf moet betalen.



*Beugel*

ቕናት ኣስናን/መእሰር ኣስናን

## ኦርቶደንቲስት

እቲ ኦርቶደንቲስት ንዝቐነኑ ኣስናንን ኮራርምትን ዝርእይ ፍሉይ በዓል ሞያ ሓኪም ስኒ እዩ። ብዙሓት ቆልዑት ሓደ ቕናት ኣስናን/መእሰር ኣስናን ንኽግበረሎም ናብ ኦርቶደንቲስት ይኸዱ። ዓበይቲ እውን ናብዚ ይመጹ እዮም። ሓደ ቕናት ኣስናን/መእሰር ኣስናን ንኣስናንን ኮራርምትን ከምዝቐንዑ ይገብር።

## መጥባሕታዊ ሓኪም ምንጋጋ

መጥባሕታዊ ሓኪም ምንጋጋ ሓደ ናይ ኣስናን፣ ኣፍን ምንጋጋን ፍሉይ በዓል ሞያ ሓኪም ስኒ እዩ። እቲ መጥባሕታዊ ሓኪም ምንጋጋ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሆስፒታል እዩ ዝሰርሕ። መጥባሕታዊ ሓካይም ምንጋጋ ኣሸገርቲ ኮራርምቲ ይሰዱን ናይ ኣስናን፣ ኣፍን ምንጋጋን መጥባሕቲ ይገብሩን።

## ምኽርታት ብዛዕባ ናትካ ናብ ሓኪም ስኒን ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍን ምኻድ

- እቲ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ዝነገረካ ንዓኻ ኣይተረድኣካን? ዝያዳ መብርሂ ሕተት።
- ነቲ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ እንታይ ክግበር ምኻኑን ንምንታይን ሕተት።
- ቓንዛን ጎድናዊ ሳዕቤን ናይ ሓደ ሕክምና እንታይ ምኻኑ ሕተት።
- ሓደ ውጥን ሕክምናን እቲ ዋጋን/ወጻኢታት ሕተት።
- እቲ (ተወሳኺ) መድሕን ጥዕና ነቲ ናትካ ሕክምና ክንደይ ይኸፍለልካን ንስኻ ባዕልኻ ክንደይ ትኸፍልን ኣጻርይ።

- Spreek met de tandarts of de mondhygiënist af te stoppen met de behandeling als je pijn hebt. Bijvoorbeeld door je hand op te steken.
- Je kan altijd vragen om een verdoving.
- Vertel de tandarts of mondhygiënist als je zwanger bent.
- Vertel de tandarts of mondhygiënist welke medicijnen je gebruikt

## Meer informatie

www.allesoverhetgebit.nl
www.gezondinnederland.info

- ምስቲ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ንዓኻ ቃንዛ ምስዝገብረልካ እቲ ሕክምና ደው ንኺብሎ ተዘራረብ። ንኣብነት ኢድካ ንላዕሊ ዊጥ ብምባል።
- ንስኻ ኩሉ ግዜ መደንዘዚ ክግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
- ንሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ኣየኖት መድሃኒታት ከም እትጥቀም ሓብር።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

www.allesoverhetgebit.nl
www.gezondinnederland.info

# Mondzorg – Kosten tandarts en/of mondhygiënist

## ክንክን ኣፍ– ወጻኢታት ሓኪም ስኒ ን/ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ

### Wat betaalt de zorgverzekering voor mondzorg **voor kinderen jonger dan 18 jaar?**


De basiszorgverzekering betaalt voor kinderen tot 18 jaar de tandarts en mondhygiënist. Beugels en kronen worden niet betaald uit de basiszorgverzekering. Een beugel zet tanden en kiezen recht. Je krijgt een kroon als je tand of kies kapot is.




### መድሕን ጥዕና ንክንክን ኣፍ እንታይ ይኸፍል ትሕቲ 18 ዓመት ንዘኾኑ ቆልዑት?

እቲ መሰረታዊ መድሕን ጥዕና ክሳብ 18 ዓመት ንቆልዑት ናይ ሓኪም ስኒን ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ይኸፍል። ቅናት ኣስናን/መእሰር ኣስናንን ርእሲ ስኒ/ክሮንን ብመሰረታዊ መድሕን ጥዕና ኣይክፈልን እዩ። ሓደ ቅናት ኣስናን/መእሰር ኣስናን ንኣስናንን ኮራርምትን ከምዝቐንዑ ይገብር። እንተድኣ ስንኻ ወይ ኩርምትኻ ተሰይሩ ርእሲ ስኒ/ክሮን ይግበረልካ።

### Basiszorgverzekering
መሰረታዊ መድሕን ጥዕና




Controle
ቁጽጽር




Gaatje boren
ምፍርፋር ብሱዕ ስኒ/ብኽባኹ

### Aanvullende tandartsverzekering (tot maximum bedrag)
ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ (ክሳብ ላዕለዋይ ገደብ መጠን ገንዘብ)



Kroon
ርእሲ ስኒ/ክሮን



Beugel
ቅናት ኣስናን/መእሰር ኣስናን

## Wat betaalt de zorgverzekering voor mondzorg **voor volwassenen?**

De mondzorg voor volwassenen zit niet in de basiszorgverzekering. Vanaf 18 jaar moet je de kosten voor de tandarts of mondhygiënist zelf betalen of een aanvullende tandartsverzekering afsluiten. Voor een aanvullende tandartsverzekering betaal je elke maand extra. De basiszorgverzekering betaalt 75 % van een kunstgebit, als veel tanden en kiezen kapot of weg zijn.



## መድሕን ጥዕና ንክንክን ኣፍ ንዓበይቲ ክንደይ ይኸፍል?


ክንክን ኣፍ ንዓበይቲ/ልዕሊ ዕድመ ኣብቲ መሰረታዊ መድሕን ጥዕና ዝተኸተተ ኣይኮነን። ካብ 18 ዓመት ጀሚርካ ወጻኢታት ናይ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ንስኻ ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣለካ ወይ ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ ክትገብር ኣለካ። ንሓደ ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ ንስኻ ነፍስወከፍ ወርሒ ዝያዳ ክትከፍል ኣለካ። እቲ መሰረታዊ መድሕን ጥዕና 75 % ናይ ሰብ ሰርሖ ስኒ ይኸፍል፣ እንተድኣ ብዙሓት ኣስናንን ኮራርምትን ዝተሰብሩ ወይ ዘየለዉ ኮይኖም።

### Basiszorgverzekering
መሰረታዊ መድሕን ጥዕና




Kunstgebit
ሰብ ሰርሖ ስኒ


### Aanvullende tandartsverzekering (tot een maximum bedrag)
ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ (ክሳብ ላዕለዋይ ገደብ መጠን ገንዘብ)




Controle
ቁጽጽር



Kroon
ርእሲ ስኒ/ክሮን



Gaatje boren
ምፍርፋር ብሱዕ ስኒ/ብኽባኹ



Beugel
ቅናት ኣስናን/መእሰር ኣስናን

Welke behandelingen en hoeveel je vergoed krijgt in een aanvullende tandartsverzekering, verschilt per zorgverzekeraar.

- Een behandeling van de tandarts of de mondhygiënist is duur. Vraag vooraf zelf bij de tandarts of mondhygiënist naar de kosten.
- Vraag zelf bij jouw zorgverzekeraar wat je vergoed krijgt voor mondzorg.
- Kijk goed welke behandelingen bij de tandarts of de mondhygiënist je aanvullende tandartsverzekering betaalt.
- Kijk goed tot welk bedrag of welk deel je aanvullende tandartsverzekering de kosten betaalt. Boven dit maximaal bedrag moet je de kosten van de behandeling zelf betalen. Of je moet een deel van de kosten van de behandeling zelf betalen.

Aan het einde van het jaar mag je overstappen naar een andere zorgverzekeraar. Wil je zorgverzekeraars met elkaar vergelijken ga dan naar www.zorgverzekering.org Deze website is in 10 talen.

ብሓደ ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ ኣየኖት ሕክምናታትን ክንደይ ይሽፈነልካን ከምቶም ትካላት መድሕን ይፈላለይ እዩ።

- ክንክን ሕክምና ናይ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ክቡር እዩ። ኣቐዲምካ ብዛዕባ እቲ ዋጋታት/ወጻኢታት ሕተት።
- ነቲ ናትካ ትካል መድሕን ክንደይ ከም ዝሽፈነልካ ንስኻ ባዕልኻ ሕተት።
- እቲ ናትካ ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ ኣየኖት ሕክምናታት ናይ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ጽሬት ኣፍ ከም ዝኸፍለልካ ጽቡቕ ገይርካ ረኣዮ።
- እቲ ናትካ ተወሳኺ መድሕን ሕክምና ስኒ ክሳብ ክንደይ ዝመጠኑ ገንዘብ ወይ ነየናይ ክፋል ናይቶም ወጻኢታት ከም ዝኸፍለልካ ጽቡቕ ገይርካ ረኣዮ። ልዕሊ እቲ ናይ መወዳእታ ገደብ መጠን ገንዘብ ዘሎ ወጻኢታት ናይቲ ሕክምና ንስኻ ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣለካ። ወይ ከኣ ሓደ ክፋል ናይቲ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ንስኻ ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣለካ።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዓመት ናብ ሓደ ካልእ ትካል መድሕን ክትሰጋገር ትኽእል ኢኻ። ትካላት መድሕን ነንሕድሕዶም ከተነጻጽሮም ትደልይ እንተኾንካ ናብ www.zorgverzekering.org ተወከስ። እዚ መርበብ ሓበሬታ ብ10 ቋንቋታት እዩ።

## Meer informatie

www.uitlegzorgverzekering.nl
www.allesoverhetgebit.nl
www.gezondinnederland.info

## ተወሳኺ ሓበሬታ

www.allesoverhetgebit.nl
www.gezondinnederland.info

Contactgegevens

ggd.groningen.nl

mei 2018

Kennisdelingsprogramma Gezondheid Statushouders